# ንሕበነሉ'ወ ነቲ ኣንበሳ ናቕፋ፥ ብልቢ ንዅርዓሉ ! !

እሕበነሉ'ወ ነቲ ጅግና፡ ብልቢ እዅርዓሉ፤ ከምዝዓገብኩሉ ድማ ብዓውታ እገልጸሉ።


ክፍትን'የ ከኣ ብውሱን ዓቕመይ ክገጥመሉ፤ ኣዝየ ግን እስከፍ ዝበቅዕ ቃላት ከይስእነሉ።

ንትውፊቱ ዚገልጽ ንገድሉ፡ ነቲ ሓቀኛ ምስሉ። ንታሪኹ ከዕልለሉ፡ ንዝፈጸሞ ቅያ ክነግረሉ።

ምናልባት ዝመሮ ሰብ እንተሎ ዘይወሓጠሉ፤ ደም ጥዒሙ ይሓማትሎ፡ የጽብበሉ ዓቕሉ።

ጥቕሲ'ውን ይጠቐሰሉ፡ ካብ ዘዝበሎ ባዕሉ። ካብቲ መሬት ዘይወድቕ ቃላቱ ዝተነበየሉ።

ብዘይምግናን ሓሳል'ዩ፡ ዝግብኦ ዘምሕረሉ፤ ነቲ ኣንበሳ ናቕፋ'ወ ሞት'ኳ ዘይተፋጥጠሉ።







<u>ዮሃና!</u> ክብሎ'ወ ብኒሑ ብመትከሉ፤ <u>**"ዓወት ንሓፋሽ!"**</u> ኰይና ራኢ ሃገር መንእሰያት ኵሉ።

ኣዴታት ብሓበን ዓልላ፡ ኣቦታት ደብሉ፤ ስለቲ ዘይጽንቀቕ ትዕግስቱ ኦሜጋ ዝዓቕሉ።

ዓለም ደንጽዩዋ፡ ንሓቂ ብዘይምሕላሉ። ጸልማት ከውታ እንከሎ፡ ብርሃን ተኸዊሉ፤

ብብጾቱ ማሚቑ ኣብ ማሕላ ደው ዝበሉ። እቶም ተስፋ ዝቘረጹ፡ ኦሮማይ እንተበሉ፤

መሬት ቀውጢ ኰይና ራህዋ'ውን ተሰዊሩ፤ ንዕኡ ግን ጩራ ይረኣዮ፡ ብውሽጢ ሓንጎሉ።

እቲ ኪግበር ዘለዎስ፡ ቀዲሙ'ዩ ዝበርሃሉ። ኣምላኽ ግዲ ኹይኑ ዘማኽሮ ሕሽኽ ኢሉ።

ኵሉ ዘዝወጠኖ ስራሕ ብግብሪ ዝሰልጠሉ። ዝመጸ እንተመጸ ንውጥኑ ዝንቕንቕ ዘይብሉ።

ንሳዋ ምምስራቱ እናተቓወሞ ዘይበርሃሉ፤ ሳዋስ ብቑዕ ዜጋ'ያ ኣፍርያ ዘልምዕ ዝሕሉ።

ሎሚ ኣበይ ምሃለና፡ ንሳ እንተዘይትህሉ? ሰብ ፍሉይ ረብሓ ግን ስሱዓት ገበትቲ ተኻሉ፤

ከጋግዩዎ ይፍትኑ ቀጻሊ ካብቲ ዚኣምነሉ፤ እታ ሓቃ ከኣ ይነገሮም፡ ካን ኣንቊር ኣቢሉ።

ሽዑ ዕብድብድ ይኣትዎም፡ ጭራሽ ይጽለሉ። ምስ ህዝቡ ከባእሱዎ "ዲክታተር'ዩ" ይብሉ።

ሕሉፍ ሓሊፎም ይፈታትኑ ሂወቱ ኪቕንጽሉ። ፍጹም ንዘይዕወቱ ኣምላኽ ስለዝኾነ ጽላሉ።

ንቕሓት ኤርትራውያን ግን ኣመና'ዩ ልዒሉ፤ ንሓሶትን ጸለመን ፈጺሙ እዝኒ'ኳ ዘይህበሉ!

ነታ እተጽግቦ ቅጫ ይፈልጣ'ንድዩ ባዕሉ፤ ኣብ መቕሎኣ እንከላ'ያ፡ ኣዒንቱ ትመልኣሉ።

ዲክታተር ደኣ ይፈልጦ'ንድዩ ጠባያቱ ኹሉ፤ ምስ ሓፋሽ'ኳ ዘይጽምበር ሓለውቲ ዘይብሉ!

ምስ ህዝቡ'ኳ ዘይበልዕ ቦጅቦጅ ቀሪቡሉ! ንደቂ'ኳ ናብ ወፍሪ ዘይልእኽ ልቡ ኣሚኑሉ።

ንኽትቀብጹ ግን፡ ፍለጡ'ሞ ኣስተውዕሉ፤ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓቂ ሎሚ'ዩ ወጊሑሉ።

ንሱ ነቢይ'ዩ ንዓና፡ ይሓልፈልና ንሓልፈሉ፤ ጥፍኡ ጥራይ ጽንጽያ ዓይኑ'ኳ ኣይተንፍሩሉ።

<u>ዮሃና ንደቂ ኤረ ኵልና፡ ን20 ዓመት ነጻነትና!!</u> መትከል ኣስመሮም ስቶኮልም ሽወደን 2011።